# ህዝብና ንቕድም

# ኩሉ ምኽአልኩዎ! ግና...

## (ግንቦት 1993 ዓ.ም)

እህህታ ሕማመይ ..... ቁስሊ ከብዲ እገረይ
ርጋፅ ከርፋሕ ናብራ ..... ምግሃስ መሰላተይ
ምሽቁራር ማእሰርቲ ..... ኮይኖም መናብርተይ
ክፍል ተነበርኩስ ..... ዘይውዳእ ዕዳይ
ጥሪተይ ንዋተይ ..... ኮላይ ህይወት ደቀይ
ኣብኩሎም ከፊለ ..... ንኹሎም ገዝእተይ
ኩሎም ዝሰፈሩ ..... ኣብታ ዓባይ ቀላይ
ንስጋይ ማፅዮም ..... ቆርጢሞምዎ ኣዕፅመተይ

እንተሓለፈ ኢለ ..... ከፊለ ሕሉፋት
ቀያሕትን ፀለምትን ..... መላምል ዕሽላት
ኣማኢት ተይኮነስ ..... ኣሰርተ ኣሽሓት
ኣበድተይ ስኢነ ..... ጥርሐይ ተረፍኩ
ነዊሕን መሪርን ..... ኢለ ምስ ኣመትኩ
ዘይውዳእ ኮይኑኒ ..... እኒህ ምስተገዓዝኩ
ፀድፊ ድቕድቕ ፀልማት ..... ነዊሕ ዓቀብ ቁልቁል
ንብርኪ ኣዛሕቲሉ ..... ሞራልካ ዝቖትል

ኩሉ ምኽኣልኩዎ ..... ዓቕሚ እንተሂቡኒ
ግና.......

ምስኣን ስኒት ደቀይ ..... የመና ከቢዱኒ

መፍረስ መንነተይ ..... ሓደጋ ኮይኑኒ

ዘጥፍእ ሓድነት ..... ዘዕኑ መንነት

ምክፍፋል ደቀይ ..... ፀልማት'ዩ ዕንወት

ነኺል ዝኸፍተሎም ..... ንኹሎም ፀላእተይ

እትኾኖም ሕማም ..... ዝሓበረት ዓደይ

ካሳ
ግንቦት 1993 ዓ.ም
መዘከርታ ንምክፍፋል መራሕቲ ህወሓትን ንመስዋእቲ ክንፈን፣
ንምብራር ተጋሩ ጀነራላትን፣ ንማእሰርት ስዬን ቢተውን ....
-----//----

# ኣይተ ስዬ ኣብርሃ

7 ሓምለ 1999 ዓ.ም
ንድምፂ ኣሜሪካ መደብ ቋንቋ ትግርኛ
ካብዝሃቦ ቃለምሕታት ዝተወሰደ

"... ቀደም ቆልዓ እንተለኹ ዝወሰንኩዎ ውሳነ እዩ፡፡ እዚ ውሳነ እዚ ወሲነስ ነዊሕ ጉዕዞ ተጓዒዘ ሰይበ ሃምሳ ዓመት ሓሊፉኒ፡፡ ድሕሪ ገዲም ንድሕሪት ምምላስ ዝክኣል ኣይመስለንን፡፡ እዚ ኹሉ ሕድሪ እዚ ኹሉ ተስፋ ሂብና ጀጋኑ ንኣና ኣሚኖም ቃልና ኣሚኖም ወዲቖም፤ ሐዚ ኣብመጨረሻ ክንገድፎም ኣይንኽእልን፡፡ ስለዙይ ኣገባቡ ይቕየር መልክዑ ይቕየር ስትራተጅኡን ስልቱን ይቕየር እነተዘይኮይኑ፤ ኣነ ካብፖለቲካ ክወፅእ እቱ ዝፈልጠኒ ሰብውን ዝግምት ኣይመስለንን፡፡

"... ሃገርና ኣብ ከቢድ ሽግር ኣላ፡፡ እዚ ሽከም እዚ ዓብዪ እዩ፡፡ እቱ ኣባይን ኣብቤተሰበይን ዝበፅሐ ግፍዒ ከዓ ኣሎ፡፡ እዚውን ሽከም እዩ፡፡ ክልቲኡ ተሸኪመ ክዘልቆ ኣይክእልን፡፡ ክመርፅ ይደሊ፡፡ ክመርፅ ከዓ ንኣይ ዝሽፍእ ይኽፍኣኒ ንዓደይ ንህዝበይ ዝጠቅም ነገር እዬ ከምርሕ ዝደሊ፡፡ ስለዝኾነ ተፈቲሐ ኣለኹ፤ ኣብዕንዓተይ ከምዘይጠራጠር ይፈልጥ እዬ፡፡ ንኣይ ዝፈልጠኒ ብዕልዓት

ብሕነ ምፍዳይ ብቂም ከምዘይምራሕ ከዓ ይፈልጥ እዩ። ኣነ ከረጋግጾ ዝደሊ ኣብቅድሚት ብዛዕባ ንዓዲ ዝጠቅም ስራሕ ምስራሕን ብዛዕባ እዚ ሽከም እዚን እዬ ከተኩር ዝደሊ።

"... እዚ ኮይኑ፣ ህዝቢ መቐለ ነቦይ ኣዕፅምቱ ኣልዒሉ እንትቀብሮ እንተሎ ሓንቲ ማስታወሻ ፅሒፍና ኣብታ መቓብር ... ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ናትካ ስም ብሕማቕ ዘየልዕል ንህዝቢ ትግራይ ብኣኻ ክሓፍር ዘይገብር ስራሕ ኢና ንሰርሕ .... ኢልና ማስታወሻ ፅሒፍና ኣለና ኣብኣ። .....

"... ካልኣይቲ ዓባይ ማስታወሻ ኣብ ዓዲሓቂ ኣብታ ናይሰማእታት ሓውልቲ ኣብታ ደረጃ ክትጅምር እንተለኻ ብእብነበረድ ዝተፅሓፈት ማስታወሻ ኣላ፣ '...ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ግፍዒ ከምዘይንቕበል ኣብልዕሊ ካልኦት ህዝብታት ግፍዒ ክፍፀም ከምዘይንቕበል ብሱምኩም ቃል ንኣትው... ' ትብል ፅሕፍቲ ኣላ። እቶም ንፍትሂ ህይወቶም ዝኸፈሉ እቶም ደው ኢልና ዘለና ዝኣተናሎም ቃል እዚኣ እያ። በደል ከይፍፀም ከይንፍፅም ቃል ንኣትው ኢልና ኢና። ኣብዝኾነ ክፍሊ ኢትዮጵያ ደም እንተፈስስ እንተሎ ሱቕ እንተኢልና እዚኣ ቃል እዚኣ ኣየኽበርናን ማለት እዩ። ኩሉ ንፍትሒ ዝተጋደለ ንሓቂ ዋጋ ዝሀበ ነዚኣ ክዝክራ ኣለዎ..."

# ህዝብና ነቓድም

**(ሓምለ 1999 ዓ.ም)**

ተጋሩ፣ "ወለድኹም ..... ቂመኛታት ኣይኮንናን"
እትብል ቃል ..... ሕድሪ'ያ ቃልኪዳን
ንሰብዋና ሕደጉሎም ..... ቂም-በቀል ኣይናትናን
ስዬ ኩን መለስ ..... ከምኡ'ውን ካልኦትኩም

**ምክእኣል ይንገስ ..... ኣይነድህብ ናብቒም**

**ይቕሬታ ይዓቢ ..... ምእንተ ህዝብኩም**

**“ሓድነትኩም ጥራሕ እያ ..... መረጋገጺ መንነትኩም”**

**እዛ ቃል ወለድኹም ..... ብክብሪ ሒዝኩም**

**ሕሉፍ ይኣክል ..... ሓቂ ካብተገሃደ**

**ከይነብዝሕ መከራ ..... ከይነምፅእ ዝገደደ**

**ዝሓለፈ ይኣክል ..... ሕድሕድ ምስንኻል**

**በርና ከፊትና ..... ዙሪያ ምላሽ ነኲል**

**ጨደሩ ዓንደሩ ..... ኩሎም ፀላእትና**

**ኣደዳ ኮይንዎም ..... ምብትታን ናትና**

**ዝተኸፍለ ዋጋ ..... ምልስ ኢልና ርኢና**

**ሕድሪ ከየዕበርና ..... ናይቶም ስውኣትና**

**ንጥመር ሓደ ንኹን ..... ይተኣሰር ቃልና**

**ይኣክል ከርተተት ..... ለመና መከራ**

**ምግሃስ መሰል ..... ፅግዕተኛ ፃውራ**

**መከቱ ንድኸነት ..... ኣውፅኡና ሓራ**

**ህዝብና ነቒድም ..... ንነፍስና ነሕስር**

**ተስፋን ትምኒትን ..... ወለድና ነኸብር**

**ቃሎም ከይሓስስ ..... ስውኣት ንዘክር**

**ሕድሮም ሓዉልቲ'ዩ ..... ዘለኣለም ዝነብር**

**ካሳ**
**7 ሓምለ 1999 ዓ.ም**